# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

## ኢየሱስ ን 5000 ሰባት ከም ዝመገበ



ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Janie Forest, Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ተርጋሚ፡- ተስፋኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣



ብዙሓት መራሕቲ ሃይማኖት (ፈሪሳውያን) ብዛዕባ ኢየሱስ ሓሶት ይዛረቡ ነይሮም፡ ገሊኣቶም ውን ክቐትልዎ ይደልዩ ነይሮም፡

ብሓቂ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ኣይኣምኑን ነበሩ፡ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ዘረጋግጽ ተኣምራት እኳ እንተ ገበረ ኣይተቐበልዎን ።



ሓደ መዓልቲ ኢየሱስ ንባሕሪ ገሊላ ተሳገሩ፡ ካብቶም ወትሩ ኣብ ዙርያኡ ዚእከቡ ዝነበሩ ህዝቢ ቐሩብ ዕረፍቲ ኺረክብ ይደሊ ነይሩ ይኸውን፡ እቶም ህዝቢ ግን ነዊሕ ከይጸንሑ ረኺብዎ ። ኢየሱስ ዓብዪ ተኣምራት ከም ዝገበረ ስለ ዝፈልጡ ምስኡ ክኾኑ ደለዩ ።




3

ኢየሱስ ንደቀ መዛሙርቱ መሪሕዎም ናብቲ ኣብ ምድሪ በዳ ዝርከብ ከረን ወሰዶም ኣብኡ ድማ ኮፉ ኢሉ ይምህር ነበረ ሰባት ውን ይመጽ ስለ ዝነበሩ ቍጽሪ እቶም ሰባት እናወሰኸ ኸደ፡ ነዊሕ ከይጸንሐ ናይ ድራር ሰዓት ኣኸለ ኵሉ ሰብ ድማ ጠምዩ ነበረ።




4

ኢየሱስ ነቶም ህዝቢ ረኣዮም። "እዚኣቶም ዚበልዕዎ እንጌራ ኣበይ ክንዕድግ ኢና፥ ኢሉ ን ፊሊጶሶ ሓተቶ። ኣብቲ ኸባቢ ምግቢ ዚሸየጥ ድኳናት ኣይነበረን፡ ኢየሱስ እንታይ ኪገብር ይክእል ?




5

ፊልጶስ ድማ ንኢየሱስ "ነዞም ህዝቢ እዚኣቶም ንምምጋብ ብዙሕ ገንዘብ እዩ ዘድሊ" ኢሉ መለሰሉ፡ ኢየሱስን ደቀ መዛሙርቱን ድማ ክንድኡ ዝኣክል ገንዘብ ኣይነበሮምን ።




6

እንድርያስ (ሓው ስምኣን ጴጥሮስ) ዝስሙ ካልእ ወደ መዝሙር ከኣ ንኢየሱስ "ኣብዚ ሓሙሽተ እንጌራ ስገምን ክልተ ንኣሽቱ ዓሳን ዘለዎ ወዲ ኣሎ፡ በሎ።




7

እዚኣተን ግን ነዚ ኩሉ ህዝቢ እንታይ ክኾን ኦ ይክእላ፡ እዚ ቈልዓ ዝሓዞ ምሳሕ ንኢየሱስ ኪህቦ ፍቓደኛ ዋላ ይኩን ንብዙሓት ሰባት ብኸመይ ኪምግቦም ከም ዚኽእል እንድርያስ ኣየስተውዓለን ።



8

ኢየሱስ "ነቲ ህዝቢ ኮፍ ኣብልዎም" በለ፡ እቲ ህዝቢ ብቑጽሪ ሓሙሽተ ሽሕ ኣቢሉ ይኸውን ኢዩ፡ ዋው! ሓሙሽተ ሽሕ! እዚ ግን ነቶም ኣብኡ ዝነበሩ ኣንስትን ቈልዑን ውን ዘጠቓልል ኣይነበረን።




9

ኢየሱስ ነቲ እንጌራን ዓሳን ካብቲ ቘልዓ ወሰዶ፡ እቲ ቘልዓ ንኢየሱስ ይኣምኖ ነይሩ ኪኸውን ኣለዎ ። ኢየሱስ ስለምንታይ ምስሑ ከም ዝወሰደሉ ወይ ውን እንታይ ከም ዝገብር ፈጺሙ ኣይፈለጥን ነይሩ፡ "ምሳሓይ እንተ ሂበዮ ክጠሚ እየ" ኢሉ ውን ሓሲቡ ነይሩ ክኸውን ይክእል ኢዩ፡ እንተኾነ ግን እታ ምስሑ
ን ኢየሱስ ሃቦ።




10

ኢየሱስ ቀጺሉ ጸለየ ንኣምላኽ ብዛዕባ እዘን ሓሙሽተ እንጌራን ክልተ ዓሳን ኣመስገነ፡ ድሕሪኡ ነዘን ምግቢ ኺባርኸን ሓተተ።




11

ኢየሱስ ድሕሪ ምጽላዩ ነቲ እንጌራን ዓሳን ቈሪሱ ነቶም ኣብ መንጎ እቲ ህዝቢ ዝነበሩ ደቀ መዛሙርቲ ሃቦም፡ ኣብቲ ግዜ እቲ ኸኣ እዮም እቶም ህዝቢ ነቲ ኢየሱስ ዝገበሮ ተኣምር ዝረኣዩ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ድማ ዝደለዮ ዘበለ እኹል በልዐ፡ ግናኸ እቲ እንጌራን ዓሳን ኣይተወድኣን ነይሩ።



12

ኵሉ ሰብ በሊዑ ምስ ጸገበ ድማ ገና ብዙሕ እንጌራን ዓሳን ተረፈ ነይሩ፡ ኢየሱስ ድማ  ነቶም ደቀ መዛሙርቱ "ገለ እኳ ከይሓደኩም ነቲ ቁራስ ኣከብዎ" በሎም። እቶም ደቂ መዛምርቲ ድማ ካብተን ዝነበራ 5 እንጌራ ስገራ ዝበዝሐ ዓሰርተው ክልተ  ዘንቢል ዝተረፈ ቁራስ ኣከቡ፡፡



13

በታ መዓልቲ እቲኣ ኢየሱስ በተን በታ ናይዚ ቁልዓ ምሳሕ ንልዕሊ 5000 ሰባት መጊቡ፡ ኣብ ካልእ እዋን ከኣ ንልዕሊ 4000 ሰባት ብ ሸውዓተ እንጌራን ሒደት ዓሳን መጊቡ ኢዩ። እቶም ተራ ሰባት ነዚ ትእምርትታት እዚ ምስ ረኣዩ ከም ፈሪሳውያን ኣይተቘጥዑን። ኣብ ክንዳኡስ "እዚ ብሓቂ እቲ ናብ ዓለም ዚመጽእ ነብዪ እዩ" በሉ፡ ኢየሱስ እቲ ኣብ ቅዱስ ቃል ኣምላኽ ከምጽእ ኢዩ ኢሉ ተስፋ ዝሃቦ ከም ዝኾነ ይፈልጡ ነበሩ።



14


ኢየሱስ ን 5000 ሰባት ከም ዝመገበ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዮሃንስ 6

″ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ
ይህብ።″ መዝሙር 119፣130

15




51

60

16

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16

17